# ፕረዚደንት ጂሚ ካርተርን ተግባራቱን
# (1924 - 2024)



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ዓመት 2024 ቅድሚ ምፍናዋን ዓመት 2025 ቅድሚ ምእታዋን ብክልተ መዓልቲ ፕረዚደንት ኣሜሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ኣብ መበል 100 ዓመት ዕድሚኡ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። ጂሚ ካርተር ኣብ ብላበንዝ - ጆርጅያ ብ1 ጥቅምቲ 1924 ክውለድ ከሎ፡ ብ29 ታሕሳስ 2024 ከኣ ኣብኣ ሞይቱ። ብ20 ጥሪ 1977 ንሕጹይ ጀራልድ ፎርድ ስዒሩ ከኣ መበል 39 ፕረዚደንት ኣሜሪካ ኮይኑ። እንተኾነ ግን ኣብ 1980 ንካልኣይ እብረ ፕረዚደንት ኣሜሪካ ንምኻን ኣብ ዝገበሮ ውድድር ብሕጹይ ተወዳዳሪኡ ሮናልድ ረጋን ተሳዒሩ። ኣብዚ ናይ ሓደ ክፍለ ዘመን ፍሉይን ሓፈሻውን ዕምሩ ከኣ ንመልክዕ ዓለምና ብራዲካላዊ ኣገባብ ዝለወጠ ዓበይቲ ኣህጉራዊ ፍጻመታት ኣሕሊፉ እዩ። ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ካብ'ቲ ሰውራ ቦልሸፊክስ ኣብ ሩስያ ዝተወልዓሉ 1917 ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ከኣ ካብ'ቲ ብ11 ሕዳር 1918 ዘብቅዐ ቀዳማይ ኲናት ዓለምን ሰውራ ቻይና ብመሪሕነት ዴሳዊ ሰልፊ ኣብ 1921 ቅድሚ ምጅማሩ ብሰለስተ ዓመት እዩ ተወሊዱ። ጂሚ ካርተር ኣብ ዓለምና ግኑናት ዝነበሩ ኢምብራጦርያታት ቱርኪ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን ኣብ ዘብቅዑሉን ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ሰላሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ስርዓታት ናዝስትን ፋሽስትን ኣብ ዝተቀልቀሉን ልሕሉሕ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ሃዋሁው ኣብ ዝሰፈነሉን ኩነታት ይነብር ነይሩ። እዚ ኸኣ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ሕንብርቲ

ኤውሮጳ ቅድሚ ምውልዑን ነበልባላዊ ሃልሃልታኡ ናብ ኣፍሪቃን ኤስያን ቅድሚ ምልሓሙን ኣሜሪካን ጃፓንን ናብ'ቲ ኲናት ቅድሚ ምጽንባረንን ማለት እዩ። ኣብ መንጎ ኪዳን ሓይልታትን ሃገራት ኣክሲስን ዝተኻየደ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብስዕረት ናዚስት ጀርመንን ፋሽስት ኢጣልያን ብስዕረት'ታ ንመደበር ወደብ ሃርበር ኣብ ፓስፊካዊ ውቅያኖስ ብ7 ታሕሳስ 1941 ዘጥቀዐትን ንኣሜሪካ ናብ ኲናት ንኽትጽንበር ዝደረኸትን ኢምብራጦርያዊት ጃፓንን'ዩ ተዛዚሙ። ስለዚ ከኣ እቲ ብ1 መስከረም 1939 ዝተወልዐን ብ8 ግንቦት 1945 ዘብቀዐን ካልኣይ ኲናት ዓለም ብስዕረት ሃገራት ኣክሲስ ተደምዲሙ።

እንተኾነ ኣብ'ቲ ዘገርም ፖለቲካዊ፡ ኣይድዮሎጂያዊ፡ ቍጠባዊ፡ እስትራተጂታውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ተርእዮታት፡ ምስ ምዝዛም ውዑይ ኲናት ብቐጥታ ኣብ መንጎ ርእሰማላዊ ደምበን ዴሳዊ ደምበን ዝሑል ኲናት ምጅማሩ እዩ። ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ኣብ ጥርዚ ናይ'ቲ ካብ 1945 ክሳብ 1991 ን46 ዓመታት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ደምበታት ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ዋሽንግቶንን ሞስኮን ከኣ ብፍላይ ዝካየድ ዝነበረ መድረኽ ዝሑል ኲናት'ዩ ነይሩ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ክልቲኡ ደምበታት፡ ኣብ መንጎ ሕብረት ሶቬትን ኣሜሪካን ቀጥታዊ ግጥም ከይክሰት እናተጠንቀቑ፡ ኩሉ ናይ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ኣይድዮሎጂያዊ፡ ቍጠባዊ፡ ስነ-ኣእምራዊ፡ ዜናውን ተክኖሎጂያውን ኣገባባት ኲናት ተጠቂሙ እዩ። በዚ ይኹን በቲ ከኣ ሸውዓቲኡ ናይ ምዕራብን ምብራቕን ክፍለ-ዓለማት ነቲ ዝነበረ ግጥም ተዓዚቡ እዩ።

ድሕሪ መጨረሽታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ፖሊሲ ኣሜሪካ ጽልዋ ሶቬት ሕብረት ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ናብ መሓዙት ኣሜሪካ ምእንቲ ከይሰሉኽ ኣብ'ተን ንሞስኮ ዝሕግዛ ሃገራት ዝርከቡ ተቓወምቲ ሓይልታትን ኣሰራ ዝስዕባን ዝሕግዛን ምስኣ ዝደናገጻን ሃገራት መርገጺኦን ኣብ ምሕያል ዝተኮረ'ዩ ነይሩ። በዚ መዳይ'ዚ ከኣ ቻይና ኣብ ፖለቲካዊ ኣእምሮ ኣሜሪካ ኣገዳሲ ቦታ ዝሓዘት ነይራ። ስለዚ ከኣ ኣሜሪካ ቻይና ብዝምልከት ነዚ ዝስዕብ ንምርግጋጽ ትሰርሕ ነይራ።

1- ብመገዲ ኣወናዋንን ሰሓብን ፖሊሲ ኣብ መንጎ ፔኪንን ሞስኮን ጋግ ምፍጣር።
2- ኣብ ኢንዶፓስፊክ ብሓዊ ምጽዋት።
3- ኣብ ባሕሪ ቻይና ናይ ህውከትን ወጥሪን ኩነታት ንምፍጣር ካርታ ታይዋን ምጥቃም።

4- ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ሃገራት ክሳብ ኣውስትራልያ ዝበጽሕ ኪዳን ብምቛም ንቻይና ኣብ ከበባ ምእታው።

5- ዕቤት ቍጠባ ቻይና ምቁጻይ፡ እንተ ዘይተኻኢሉ ከኣ ደው ከምዝብል ምግባር።

6-

ኣብ ክሊ'ዚ ኣረጊትን ሓድሽን እስትራተጂ ኣሜሪካ፡ ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ኣብ እዋን ስልጣኑ ዝዓበየ ኣረጋጊጸዮ ዝብሎ ምስ ቻይና ብ1 መጋቢት 1979 ወግዓዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምቛሙን ኣብ ፔኪንን ዋሽንግቶንን ኢምባሲታት ምኽፋትን ምዃኑ ገሊጹ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ዓበይቲ ሃገራት ዝካየድ ዝነበረ ዝሑል ኲናት ንዋሽንግቶን ከም ዓቢ ፖለቲካዊ ዓወት ንሞስኮ ድማ ከም ክሳራ'ዩ ተቆጺሩ። በዚ መዳይ'ዚ ክጥቐስ ዘለዎ ድሕሪ ናይ ርብዒ ክፍለ ዘመን ምብታኽ ዝምድና ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ፕረዚደንት ኣሜሪካ ሪቻርድ ኒክሶን ኣብ 1972 ናብ ቻይና ዑደት ምክያዱ እዩ። እዚ ንሓደ ሰሙን ምሉእ ካብ 21 ክሳብ 28 መጋቢት 1972 ዝቀጸለ ዑደት፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ኣሜሪካ ሄንሪ ኪስንጀር ኣብ ሓምለ 1971 ምስጢራዊ ዑደት ናብ ቻይና ብምክያድ'ዩ ባይታ ፈጢሩሉ።

ኣሜሪካ ምስ ቻይና ድልዱል ዝምድና ንምዝርጋሕ፡ ነቲ ኣብ ሱሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ኣብ መንጎ ሕብረት ሶቬትን ቻይናን ዘጋጠመ ምንቁልቋል ዝምድና መዝሚዛቶ። ቀንዲ ጠንቂ ምንቁልቋል ዝምድና ቻይናን ሶቬትን ስለስተ ረቛሒታት ነይሮም።

1- ብዛዕባ መረዳእታን ትግባረን ማርክሳውን ለኒናውን ስነ-ሓሳብ ቀንዲ ፍልልያት ምቅልቃል፡ ኣብ መጨረሽታ ከኣ ቻይናዊ መራሒ ማኦ ተሲቶንግ ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ክለሳ ሓሳብ ሰለስተ ዓለማት ማለት ንዓለም ኣብ ሰለስተ ፖለቲካውን ቍጠባውን ደምበታት መቂሉዋ። ንሳቶም ከኣ፦

**ቀዳማይ፦** ዓበይቲ ሓይልታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ሕብረት ሶቬትን

**ካልኣይ፦** ብካልኦት ሃገራት ምዕራብ ዝውክል ካልኣይ ዓለም።

**ሳልሳይ፦** ሳልሳይ ዓለም ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ዘይሻራውያንን ሃገራት።

2- ክልቲኦን ሃገራት ብዝሑል ኲናት ዝተጸልውኦን ዝፈጠርኦ ጽልዋን ምፍልላይ።

3- ኣብ'ቲ ኣብ 1962 ኣብ መንጎ ህንዲን ቻይናን ብዛዕባ ዋንነት መሬት ጎቦታት ህማላያ ዝተኻየደ ኲናት፡ ሞስኮ ኣብ ጐኒ ህንዲ ደው ምባላ።

ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ዘረጋገጾ ዓቢ ዓወት፡ እቲ ብ17 መስከረም 1978 ኣብ ካምፕ ዴቭድ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ምስሪ ኣንዋር ኣሳዳትን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል መናሒም ቤገንን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ምዃኑ ገለ ተመራመርቲ ይገልጹ። እዚ ድማ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝካየድ ዝነበረ ውግእ መደምደምታ ገይርሉ። እንተኾነ ግን እዚ ስምምዕ'ዚ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ኣሕሊፉ ከብቅዕ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ካይሮ ይኹን ተልኣቪቭ ካብ ክሊ ስርዓታት ኣይወጸን ዘሎ። ኣብ መንጎ ክልቲኦ ህዝብታት ርክብ የለን። እዚ ድማ ብዙሕ መልእኽቲታት ኣለዎ። ምኽንያቱ እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ሲና ዘይኮነስ፡ ፍልስጥኤም እዩ። በዚ መሰረት ከኣ ስምምዕ ካምፕዴቭድ ጎደሎ እዩ። መሳርዕ ሃገራት ዓረብ ድሕሪ ምፍራሱን ብወተሃደራዊ መዳይ ንምስሪ ድሕሪ ምንጻላን ዕብለላ እስራኤል ድሕሪ ምውሓሱን ከኣ ሓደገኛ ሳዕቤኑ ኣብ'ቲ ዞባ ብሩህ ኮይኑ።

## ስርሒት ባህሌላ ንስሪን (Operation Eagle Clow)
## ስዕረት ፕረዚደንት ካርተርን



ሻህ ኢራን መሓመድ ርዳ፡ እቲ ዝተወልዐ ሰውራ ካብ ሱሩ ከም ዝምሕዎ ምስ ተረድአ፡ ብ16 ጥሪ 1979 ቴህራን ገዲፉ ናብ ስደት ኣምሪሑ። ክሳብ ዕለተ ሞቱ ከኣ ኣብ ስደት ይነብር ነይሩ። ኣብ ፈረንሳ ተሰዲዱ ዝነበረ ስደተኛ ኣያቱላህ ኣልኹሜኒ ብወገኑ ብ1 ለካቲት 1979 ካብ ስደት ተመሊሱ ስልጣን ተቆጻጺሩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣብ ኢራን ዝተኸስተ ጽዑቅ ታሪኻውን ፖለቲካውን ፍጻመታት ነቲ ሓድሽ ስርዓት ዝድግፍ ሓደ ጉጅለ ናይ ሰልፈኛታት ናብ ኢምባሲ ኣሜሪካ ብምእታው 52 ሓለፍቲን ሰራሕተኛታትን ኣሜሪካውያን ኣሲሩ። ምምሕዳር

ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ነቶም እሱራት ሓራ ንምውጻእ ቐጥታውን ዘይቐጥታውን ርክባት'ኳ እንተካየደ ኣይተዓወተን። ስርሒት ባህሌላ ንስሪ ዝተሰምየ ብምውዳብ ከኣ ብሓይሊ ናጻ ከውጽኦም ወሰኑ። ካብ 5 ሕዳር 1979 ክሳብ 24 ሚያዝያ 1980 ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ጻዕዳ-ህንጻ ጽዑቕ ምድላዋት ተኻይዱ። ቦታታት ንምውሳንን ስርሒታት ንምውህሃድን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ተዳልየን። ናይ ኲናት መራኽብ፡ ሰራዊትን ነዳዲን ዝጽዕና ነፈርቲ፡ ናይ ኲናት ነፈርቲ፡ ወተሃደራዊ ሂልኮፕተራትን "ደልታ" ዝተሰምዩ ፍሉያት ሓይሊ ኮማንዶን ተዳልዮም።

ብ24 ሚያዝያ 1980 ናይ ዚሮ ሰዓት ኣኺሉ ከኣ፡ ነቲ ስርሒት ንምትግባር ምስ ተጀመረ ግን ሓደ ክንፌ ናይ መጓዓዝያ ነፋሪት ተበላሸዩ። ብመሰረት'ቲ ዝተወጠነ ከኣ ሓይሊ ሰራዊትን ወተሃደራዊ መሳርሒታትን ኣብ እዋኑ ክመጽእ ኣይከኣለን። ኣብ'ቲ ውጥን ዘይነበረ ሃንደበትነት ኣጋጢሙ። ምንቅስቓስ ናይ ሲቪል መካይን ምስ ተራእየ ጥይት ተተኲሱለን። እቲ ከም መኸወሊ ከገልግል ትጽቢት ዝተገብረሉ ጸላም ለይቲ ናብ ጸሓይ ብርሃን ተለዊጡ። እቲ ጉጉይ ግምት ዝነበሮ ስርሒት ንኽይፍጸም ከኣ ኣብ ምድረ-በዳ ጠበስ ደቡባዊ ምብራቕ ቴህራን ናይ ሓመድ ማዕበል ጀሚሩ። ኣብ'ቲ ወተሃደራዊ ስርሒት ንምርኣይ ዘጸግም ምድንጋር ስለዝተፈጥረ ከኣ ሓንቲ ሂሊኮፕተር ምስ ናይ ሰራዊትን ነዳድን እትጽዕን ነፋሪት ብምግጫዋ ብተኲሲ ቦምባታት ዝተሰነየ ባርዕ ተወሊዑ። እቲ ምስጢር ድማ ተቓሊዑ። እቲ ዝተሳተፈ ሓይሊ ኣብ ሓደጋ ስለዝወደቀ ከኣ፡ ስርሒት ተሰሪዙ። ከም ውጽኢቱ ድማ "ስርሒት ባህሌላ ንስሪ 8 ወተሃደራት ምዉታት፡ 5 ሂሊኮፕተራት ብምብልሻወን ዝተረፋን ካልኦት ክልተ ዝተጋጨዋ ነፈርቲን ብምኽሳር ፈሺሉ። በዚ ኸኣ ስርሒት ባህሌላ ንስሪ እቲ ዝዓበየ ፍሹል ወተሃደራዊ ስርሒት ኣሜሪካ ተቖጺሩ። እዚ ንፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ዘዋረደ ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ኣብ 1981 ዝካየዶ ካልኣይ እብረ ፕረዚደንታዊ ውድድሩ፡ ብሮናልድ ሪጋን ንኽስዓር ምኽንያት ከም ዝኾነ ገለ ተንተንቲ ይገልጹ። ኣብ እዋን ፕረዚደንታዊ ስልጣኑ ከም ጸሊም ነጥቢ ተመዝጊቡ ከኣ ሓሊፉ።

ኣብ መጨረሽታ፡ ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ካብ'ቲ ኣብ ጻዕዳ ህንጻ ከሎ ዘረጋገጾ፡ ካብኡ ምስ ወጸ ዘረጋገጾ ፖለቲካዊ ጉዳያትን ሰብኣዊ ፕሮጀክቲታትን ከም ዝዓቢ ዝገልጹ'ውን ኣለዉ። ብዛዕባ'ዚ ብዙሕ ዝዝረብ ርእይቶታት'ውን ኣሎ። ከምኡውን ናይ'ቲ ኣብ 1989 ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ወተሃደራዊ

ስርዓት ኢትዮጵያን (ደርግ) ዝነበሮ ናይ መንጎኝነት ተራ ከመይ ይመስል ክንርኢ ኢና።

# ካርተርን ጉዳይ ኤርትራን





ፕረዚደንት ኣሜሪካ ጂሚ ካርተር ኣብ እዋን ሓርነታዊ ኲናት ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ኤርትራ ዝነበሮ መርገጺ ቅድሚ ምርኣይና፡ ሓፈሻዊ ፖሊስኡ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። በዚ መዳይ'ዚ ካብ'ቲ ዘገርም ፖለቲካዊ ተርእዮ፡ ጂሚ ካርተር ፕረዚደንት ኣሜሪካ ምስ ኮነ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ግዝያዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ "ደርግ" ንወተሃደራዊ መዓስከር ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራ ቃኘው ስቴሽን ዓጽዩዎ። እዚ ግን ወተሃደራዊ ጉጅለ ደርግ ምስ ማርክስነትን ማሕበርነትን ምትእስሳር ስለዝነበሮ ዘይኮነ፡ ንሶማል ንምግጣምን ንሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስን ዘኽእሎ ወተሃደራውን ፋይናንሳውን ሓገዛት ካብ ሕብረት ሶቬትን መሓዙታን ንምርካብ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ቅሉዕ ፖለቲካዊ ምድንጋር እዩ።

መርገጺ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ኣብ ጉዳይ ኤርትራ፡ ካብ'ቲ ካብ እዋን ፍራንክሊን ሩዝቨልትን ሃሪ ትሩማንን ጀሚሩ ዝጸንሐ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ዝግህስን ናጽነት ኤርትራ ዘይቅበልን መርገጺ ኣሜሪካ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ኣሜሪካ ንእስትራተጂያዊ ረብሓታታ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣብ'ቲ መትኒ ቍጠባዊ ሂወት ኣብ መንጎ ምዕራብን ምብራቕን ዝኾነን ኣብ ናይ ረብሓታትን ጥሙሕን ዓበይቲ ሃገራት ውድድር ልዑል ጂኦ-እስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ዘለዎን ቀይሕ ባሕሪን ንምውሓስ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ኢትዮጵያ ክትከውን'ያ ትደሊ።

ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ስለዝነበረት ምምሕዳር ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ኣቃልቦ ሂቡላ ኣይፈልጥን እዩ። ተኸታተልቲ ስርዓታት ኣሜሪካ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዋላ ሕብረት ሶቬት ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነ እንኮላይ ኣብ ኤርትራ ንቦታኣም ብምትካእ ኣብ ደሴት ዳህላክ ከይተረፈ ወተሃደራዊ መዓስከር ምስ ኣቀመትን ኣብ ወደባት ዓሰብን ምጽዋዕን ወተሃደራዊ ኣግልግሎት ምስ ረኸበትን'ውን እንተኾነ ኣብ መርገጺኣም ለውጢ ገይሮም ኣይፈልጡን እዮም። ኣሜሪካ ብሰውራ ኤርትራ ክትግደስ ዝጀመረት ሕብረት ሶቬትን ተሓጋገዝታን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ኲናት ምስ ኣተዋን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1979 ካብ ዓበይቲ ከተማታት እስትራተጂያዊ ምዝላቕ ምስ ገበረን ኣብ ድሕሪ መስመሩ ናቕፋ ምስ ተመልሰን እዩ። ንተኸታተልቲ ወራራት ኢትዮጵያ ብምምካት ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሓይሊን ተሓባበርቱን ኣብ ከም ናይ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ መጋቢት 1984 ኣብ ልዕሊ ግንባር ውቃው እዝ መጥቃዕቲ ምክያድን ኣብ ግንቦት 1984 ንወተሃደራውን ፖለቲካውን መሪሕነት ኢትዮጵያን ክኢላታት ሶቬትን ዘጨነቀ ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝተኻየደ ጅግንነታዊ ናይ ፈዳይን ስርሒት ብምፍጻም ንልዕሊ 30 ወተሃደራዊ ነፈርቲ ኲናት ብምቅጻልን ንሓይሊ ጸላኢ ምስ ኣዳኸመ እዩ። ብድሕሪ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ደረጃ ብደረጃ ንመላእ ኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ፖሊሲ እስትራተጂያዊ ወተሃደራዊ ገስጋስ ተኸቲሉ። ስለዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ መጋቢት 1988 ኣንጻር ሓይልታት ኢትዮጵያ ሰፊሕ ኲናት ብምክያድ፡ ነቲ ኣብ ግንባር ናደው እዝ ዝነበረ ምሩጽን ምኩርን ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ውሽጢ ሰለሰተ መዓልታት ብምድምሳስ ስለስተ ሶቬታውያን ወተሃደራዊ መኮንናት ማሪኹ። ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ታሪኽ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኤርትራ ኸኣ ብዙሕ በብዓይነቱ ከበድቲን ማእከላይን ፈኮስቲን ኣጽዋር መንዚዑ። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ከተማ ኣፍዓበት ሓራ ወጺኣ።እታ ኣብ 1977 ካብ መግዛእቲ ሓራ ምስ ወጸት ብተኸታታሊ ወራራት ጸላኢ ዘይተደፍረት ደጀን ሰውራ ኤርትራ ዝኾነት ምልክት ጽንዓት ከተማ ናቕፋ'ውን ሓንሳብን ንሓዋሩን ውሕስቲ ኮይና።

ስርሒት ናደው እዝ ንወተሃደራዊ ሓይሊ ሚዛን ፍጹም ለዊጡዎ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ካብ'ቲ ህልውናኡ ንምውሓስ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ምክልኻል መድረኽ፡ መግዛእቲ ንምስዓርን ከተማታት ሓራ ንምውጻእን ናብ ናይ ምጥቃዕ መድረኽ ተሰጋጊሩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ሃዋሁው'ዚ ኸኣ ፕረዚደንት ኣሜሪካ ጂሚ ካርተር ብፍቓድ ጻዕዳ ህንጻ ኣብ'ቲ ኣብ 1982 ዘቆሞ ማእከል መጽናዕቲ ትካሉ ኮይኑ ብዛዕባ ኤርትራ ገለ መጽናዕቲታት ክገብር ጀሚሩ። በዚ መሰረት ከኣ ኣብ

ሚያዝያ 1989 ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ቀዳማይ ርክብ ገይሩ። ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ መንጐኝነት ተራ ክጻወት ዘለዎ ድልውነት ድማ ገሊጹ። ከም ውጽኢቱ ድማ ብ7 መስከረም 1989 ኣብ መንጐ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ስርዓት ደርግ ኢትዮጵያን ቀዳማይ ርክብ ኣብ ጆርጅያ ከተማ ኣትላንታ ወዲቡ። ብድሕሪኡ'ውን ኣብ ኬንያ ከተማ ናይሮቢ ቀጺሉ። እንተኾነ ግን ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንጉዳይ ኤርትራ ከም ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ብምቁጻር ንርእሰ ውሳነ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ይነጽግ ስለዝነበረ ክዕወት ኣይከኣለን። ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር እውን እንተኾነ ናጽነት ኤርትራ ይደሊ ኣይነበረን። ጉዳይ ኤርትራ ኣህጉራዊ መልክዕ ሒዙ ከም ተረፍ መግዛእቲ እንደገና ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከይምለስ ከኣ ተጠንቂቑ ይሰርሕ ነይሩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ፖለቲካዊ ሓሶት ክነዝሕ ጀሚሩ።



ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ብሓሶት ንልኡኽ ኤርትራ ንዋና ጽሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቤረዝ ዲኩላር ከም ተዓዘቢ ኣብ'ቲ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝካየድ ዘተ ክሳተፍ ምስ ሓተትኩዎ ነጺጉዎ ክብል ገሊጹሉ። እንተኾነ ግን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስታፍ ከም ዘይነጸገን ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ከም ዝሓሰውን ልኡኽ ኤርትራ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ክፈልጥ ክኢሉ። ስለዚ ብወገን ልኡኽ ኤርትራ ተኣማንነት ዘይብሉ መንጐኛ ኮይኑ። ልዕሊ ኩሉ ዘገርም ድማ ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ምፍሻል ናይ'ቲ ዘተ ንልኡኽ ኤርትራ ከሰክሞ ምፍታኑ እዩ። ብሰንኪ'ዚ ብዝስዕብ ወተሃደራዊ ሳዕቤን ከኣ ኣፈራሪሑ። ሓደ ካብ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ ግን ብቐጥታ እንታይ ከም ዝመጽእ ኣብ ሜዳ ዓውደ ውግእ ክንርኢ ኢና። እቲ ርጉጽ ነገር ግን ንስኻ ዝዓበየ ሓሳዊ ኢኻ ክብል መሊስሉ። ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ነቲ ዝተዘርበ እዝኑ ክቕበሎ ስለዘይከኣለ፡ ነቲ ኤርትራዊ

ሓላፊ እስከ ዝበልካዮ ድገመለይ ክብል ሓቲቱ። እንተ ድኣ ደሊኻ ዋላ ሽሕ ግዜ ክደግመልካ ይኽእል እየ ክብል መሊስሉ።

በዚ ኸኣ ርክብ ናይ ክልቲኦም ወገናት ብዘይፍረ ተደምዲሙ። መንግሥትነት ፕረዚደንት ጂሚ ካርተር ድማ ብወግዒ ተዓጽዩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ምብራቓዊ ግንባር ዓቢ ስዕረት ወሪዱዎ ብ18 ለካቲት 1990 ከተማ ምጽዋዕ ሓራ ምስ ወጸትን ናብ ዋና ከተማ ኣስመራ ገስጋስ ምስ ጀመረን ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ እዋን ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ኣቦ፡ ነቲ ናብ ዕርበቱ ዘምርሕ ዝነበረ ስርዓት ኢትዮጵያ ንምድሓን መንግሥትነት ጀሚሩ። በዚ ኸኣ ዋሽንግቶን ናጽነት ኤርትራ ንምኹላፍ ብትሕዝቶ ካብ'ቲ ናይ ፕረዚደንት ካርተር ሓሳብ ዘይፍለ ኣብ ሕዳር 1990 "ሓድሽ" ሓሳብ ኣቕሪቡ። እቲ "ሓድሽ" ሓሳብ ኣብ ኤርትራ ውሽጣዊ መንግስቲ ክቀውም፡ ኢትዮጵያ ፈደራላዊ ቅዋም ክህልዋ፡ ዝብል ኮይኑ ብሓጺሩ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ሓርነታዊ ቃልሲን ኣሽሓት ስዉኣት ድሕሪ ምኽፋልን ገለ መመላኽዒ ጌርካ ናብ ፈደራላዊ ፍታሕ ምምላስ ማለት እዩ።
ከም ዝፍለጥ ኣሜሪካዊ መንግኖኛ መስርሕ ኲናት ንረብሓ ሰውራ ኤርትራ ይኸይድ ከምዝነበረ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ስለዚ ከኣ ኲነታት ናብ ዘይምለሰሉ ደረጃ ቅድሚ ምብጽሑ፡ ምስ ግዜ ንምቕድዳም ብህጹጽ ዘተ ክካየድ ይደሊ ነይሩ። ብኣንጻሩ ልኡኽ ኤርትራ ከኣ ግዜ ንምኽሳብ ይሰርሕ ነይሩ። ምኽንያቱ ፍጻመታት ሜዳ ንረብሓ ሰውራ ኤርትራ ብዘረጋግጽ ኣገባብ ብቕልጡፍ ይሕንበብ ነይሩ። ሓርነት ኣስመራ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ዝበጽሓሉ እዋን'ዩ። ድሕሪ ፖለቲካዊ መናውራት ከኣ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ለንደን ብምኻድ ብ25 ግንቦት 1991 ምስ ኣሜሪካዊ መንግኖኛን ልኡኽ ኢትዮጵያን ተራኺቡ። እንተኾነ ግን ጉዳይ ተወዲኡ ስለዝነበረ ኣብ መኣዲ ዘተ እትዘራረበሉ ነጥቢ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ሜዳ ወተሃደራዊ ግጥም ንመላእ ሃገራዊ መሬት ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ተሓባበርቱ ሕብረት ሶቬትን ኣሜሪካን ሓራ ብምውጻእ ንነገራት ሓንሳብን ንሓዋሩን ፈቲሑዎ ስለዝነበረ።

7 ጥሪ 2025